## መዓርገ ዲቁና ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት ኣሥመራ

ካብቶም ኣብዚ ዓመትዚ ተቐዋመ ፍልስፍናን ተሎግያን ኣስመራ ዘፍረዮም ኣርባዕተ ናይ ርእስ ሰበኻ ኣሥመራ መንእሰያት፡-

1. መንእሰይ ብእምነት ኣለም ወዲ ማሕበር ፓቮኒ
2. ስምኦን መሓሪ ካብ ዓቢ ዘርኣ ክህነት ርእሰ ሰበኻ ኣሥመራ
3. ሰመረኣብ ሃብተ ካብ ዓቢ ዘርኣ ክህነት ርእሰ ሰበኻ ኣሥመራ
4. ሓጎስ ንጉሰ ካብ ዓቢ ዘርኣ ክህነት ርእሰ ሰበኻ ኣሥመራ ብጸሎት ወለድን ብዙሕት ዉሉደ ክህነትን ምእመናን ተሰናዮም ብዕለት 17 መጋቢት ዓ.ም ብኢድ ብፁዕ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ መዓርገ ዲቁና ተቀቢሎም።

ቀዳም ንግሆ ሊቀጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ብዙሓት ካህናትን ኣሕሉቅ ገዳማትን ተማእኪሎም መስዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ዘዕረግሉ፣ ብፅዕነቶም፣ ድሕሪ ንባብ ቅዱስ ወንጌል ነዚ ጸዋዕታ ዲቁና ኣመልኪቶም ኣብ ሰምዕዎ ስብከት፡ ካብ ርሑቅን ካብ ቀረባን ኣብዚ ተኣኪብና መጺእን ኣዘሎና ምስ እዞም ሎሚ መዓልቲ መዓርግ ዲቁና ዝቅበሉ ዘለው ኣርባተ ድቅና ሓቢርና ንኣምላኽ ክነመስግን ኢልና ኢና።



ምኽንያቱ ኣምላኽ ስለ ዝሓገዞም እዮም ኣብዚ በጺሖም ዘለዉ፡ ጊሊኦም ነዊሕ ዓመታት ተጓዒዞምን ኣስተንቲኖምን እዮም ኣብ መጨረሻ ብጸጋ ኣምላኽ ካብ ብዙሓት ተመሪጾም ኣብዚ በጺሖም። ብሓቂ ንኣምላኽ ክነመስግኖ ይግብኣና። ንዓኻትኩም ድማ እንቋዕ ኣብዚ ኣብጽሓኩሙ ክህነትኩም የርእየና ኢሎም። ብፁዕ ሊቀጳጳስ ካብዚ ብምቅጻል፡ ኣብዚ ዘንበብናዮ ወንጌል ማርቆስ፡ ቀዳማይ ምዕራፍ፡ ኢየሱስ ስብከቱ ክጅምር እንከሎ፡ መንግሥቲ ኣምላኽ ቀሪባ እያ ተነስሑ፡ እናበለ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እናዞረ ክምህር እንከሎ፡ ንሓዋሩ መሳርሕቱ ዝኾንዎ ክመርጽ መደበ፡ ሓደ መዓልቲ ብጥቓ ባሕሪ ገሊላ ክሓልፍ እንከሎ መጀመርያ ነቶም ኽልተ ኣሕዋት ስምዖንን እንድርያስን ዓሳ ክገፉ ምስ ረኸቦም ተኸተሉኒ በሎም። ካብኡ ሕልፍ ኢሉ ድማ ንኽልተ ደቂ ዘብደዎይ ይረኽቦም እሞ ተኸተሉኒ ይብሎም። ከምዚ ዝርኣናዮ ኢየሱስ ንኹሎም ክጽውዖም እንከሎ ሓንቲ ቃል ይጥቀም ተኸተሉኒ፡ ይብሎም፡ ንሳቶም ድማ ብኡንብኡ፡ ብዘይ ውዓል ሕደር፡ ብዘይ ምውልዋል፡ ቅድም ምስ ሥድራይ ክማኸር ወይ ካልእ ከምዚ ዝበለ ምኽንያት ከይገበሩ ይኸተልዎ። እዚ ብሓቂ ኣገዳሲ እዩ፡ ምኽንያት ከይገበርና ብእምነት ቀዳምነት ነቲ ዝጸውዓና ኣምላኽ ክንህብ ከም ዘሎና እዩ ዝምህረና። ሕራይ ኢልና ብምሉእ ልብና ክንስዕቦ እዩ ዝግብኣና።

ነቶም ኣርባዕተ ቀዳሞት ሓዋርያት ጸዊዕዎም ጥራይ ዘይኮነስ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ብግብሪ ሚሂርዎም እዩ። ምኽንያቱ ኣብቲ ዘንበብናዮ ወንጌል ማርቆስ ምዕራፍ ሓደ ካብ ጥቅሲ 14 ክሳብ 34፡ ኣብቲ ቤት ጸሎት ናይ ኣይሁድ፡ ሓደ ጋኔን ዝሓደሮ ሰብ ንኢየሱስ ርእዩ የእዊ፡ ከተጥፍኣናዶ መጺእካ እናበለ ባዕሉ ይላፋለፍ፡ ኢየሱስ ነቲ ጋኒን ምስ ገንሖ ከኣ እቲ ሰብ ይሓዊ። ኣጋንንቲ ንኢየሱስ ክርእዩ እንከለው ይርበሹ ይሃድሙ፡ ኢየሱስ ድማ ይገንሖም። እቶም ሕዝቢ እዚ ምስርኣዩ ብዙሕ ይገርሞም። እዚ ንኣጋንንቲ ዝእዝዝ ከመይ ዝበለ ስልጣን ኣለዎ እናበሉ ይዘራረቡ ነበሩ፡ ወሪኡ ድማ ናቡ ኩሉ እቲ ዓድታት ተዘርግሐ።

ኣብ እንዳ ስምዖንን እንድርያስን ምስ ኣተወ ድማ ሓማት ጴጥሮስ ሓሚማ ትጸንሖ እሞ የሕውያ። ከምዚ ዝርኣናዮ ኢየሱስ ኣብዚ ግዜ እዚ ክልተ ዓይነት ምሕዋይ ይገብር፡ እዚ ማለት ንባህርያዊ ሕማምን ንናይ ማእሰርቲ ሰይጣን ሕማምን ክስጉግ ንርእዮ። ነቶም ወሪኡ ሰሚዖም ኣብቲ ኣፈደገ ገዛ ዝመጹ፡ በብዓይነቱ ሕማም ዝነበሮም ብዙሓት ሰባት ድማ የሕውዮም። ነቶም ርኹስት መናፍስቲ ድማ ስቅ በሉ ወጹ እናበለ ይእዝዞም ነይሩ።

ሎሚኸ ንሕና ኣጋንንቲ ኣለውናዶ፤ ኣይስኣኑናን እዮም፡ ብብዓይነቱ ኣለውና፡ ንሕና ዓቅሚ የብልናን፡ መን ድኣ ክሰጎልና እዩ፤ ነዚ ናይ ኢየሱስ ስራሕ ዝቅጽሉ ኣሰሩ ዝኸተሉ ጳጳሳት፡ካህናት፡ ዲያቆናት ማለት ኣገልገልቲ የድልዩና እምበኣር ኢየሱስ ነዚ ናቱ ስራሕ ክቅጽሉ እዩ ሎሚ ኣገልገልቲ ዝህበና ዘሎ። ኢየሱስ ንኹሎም ኣገልግልቱ ሕሙማት ክሕውዩ ኣጋንቲ ክውጽኡ ስልጣንን ሓልፍነትን ሂብዎም እዩ። እዚ ግና ብፍቅርን ብትሕትናን ክኸውን ኣለዎ። ዝኸበርኩም ደቅና ሓጎስ፡ ሰመረ፡ ስምኦን፡ ብእምነት፡ ዲያቆን ማለት ኣገልጋሊ ማለት እዩ፡ ሎሚ ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽን ካብ ቤተክርስትያንን ናይ ኣገልግሎት ሓላፍነት ትውሃቡ ኣሎኹም። ብፍቅርን ብተስፋን ብእመንትን ቃሉ ክትነግሩ፡ እዚ ማለት ኣብ ቤተክርስትያንን ካብ ቤተክርስትያን ወጻእን ንኹሎም ኣመንቲ፡ ንድኻታት፡ ንሕዙናት፡ ንሕሙማት፡ ክትምዕዱ፡ ክተጸናንዑ፡ ክትሕግዙ፡ ካብ ዓቅምኹም ንላዕሊ ንዝኾነ ነገር ድማ ንካህንትን ንጳጳሳትን ክትሕብሩ፡ ትጽውዑ ኣሎኹም፡ ድሓር ካህናት ምስ ኮንኩም ድማ ነዚ ብዝበለጸ ክትቅጽልዎ ኢኹም፡ ንሕና ድማ ኣብ ኩሉ እሙናት ክኮኑ ብጸሎት ክንሕግዘኩም ኢና። እዚ ኩሉ ሕዝቢ ኣብዚ መጺኡ ዘሎ ንዓኹም ንምሕጋዝ እዩ። ኣብ ኩሉ ኣገልግሎትኩም እሙናት ክትኮኑ፡ ብቃል ኣምላኽ ክትብርትዑ ኣጋንንቲ ከተውጽኡ ባዕላ ማርያም ትሓግዝኩም፡ ከምኡ እውን እቲ ዝጽውዓኩም ዘሎ መድሃኔ ዓለም ባዕሉ ይሓግዝኩም ፡ሓይሊ ይሃብኩም። ብምባል ስብከቶም ዛዚሞም።

ብድሕሪ ስርዓተ ቁርባን ድማ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ፡ ነቶም መዓርገ ዲቁና ዝቅበሉ ኣርባዕተ መንእሰያት ሓደ ብሓደ ኣብ ርእሶም ኢዶም እናንበሩ ስንድው ኢኻ እናበሉ ምስ ባረኽዎም፡ ምእንቲ ቅድስቲ ጉባኤ ኣብ ደብረ ኪዳነ ምሕረት መንፈስ ቅዱስ ተቐበል እናበሉ ጸልዩሎም፡ ካብዚ ብምቅጻል ድማ እቲ ንድያቆናት ዝውሃብ ምኽሪ ካብቶም ለቢሶ ዝነበሩ ካህናት ብኽቡር ኣብ ግርማጽዮን ነጋሲ ምስ ተነበሎም እቲ ስርዓተ ቅብኣ ዲቁናን ስርዓተ ቅዳሴን ብብራኬ ብፁዕ ሊቂጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ተዛዚሙ።

ኣብ መወዳታ እቲ ኣብ ቅዳሴ ዘርፈደ ሕዝቢ ምስ ሊቂጳጳስን ኣርባዕተ ሓደስቲ ዲያቆናትን ካህናትን ኣብ ኣደራሽ ብሓባር ምስ ቆሮሱ፡ ምስጋናን ምኽርን ዝሓዘለ ግጥምታት ምስ ተነበን መዛሙሩ ምስ ተዘመረን ናይቲ ብዓል ፍጻሜ ኮነ።





# ብሥራት

መጋቢት 2018 ዓ.ም.ፈ. ጎታም ቍ.121 ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asmara)

## ክብረ በዓል ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ

ዓርቢ 23 የካቲት 2018 ዓ.ም. ዓመታዊ ክብረ በዓል፡ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ፡ ከምቲ ዝሓለፈ እዋናት ሎሚ ዓመት እውን ካብ ከተማታትን ገጠራታትን ዝመጹ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሕዝብን ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ፣ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም የዕብዮ ዘመንበረ ከረን፣ ኣሕሉቕ ገዳማት፣ ካልኦት ካብ ኩሉን ሰበኻታትና ዝመጹ ብዙሓት ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣብ ዝተረክብሉ ብድምቀት ከቢሩ ዊዒሉ።



ኣብ ድሮ ዋዜማ ዘቅድስት ድንግል ማርያም ኪዳነ ምሕረት፡ ያሬዳውያን መዘምራንን፡ ካህናትን ተመሃርቲ ዘርኣ ምንኩስናን ዘርኣ ክህነትን፡ ምእመናንን ብዝማርኽ ኣገባብ ኣንቲ ውእቱ ተስፋሁ ለኣዳም ኣመ ይሰደድ እም ገነት፡ እናበሉ ብጥዑም ዜማን ቅኔን ንኣምላኽ ከመስግኑን ንቅድስት ድንግል ማርያም ኣዴና ዘለዎም ኣኽብሮት ቅኔታቶም ብምፍሳስን ክውድስዋ ኣምስዮም። ኣብቲ ብለይቲ ዝጀመረ ጸሎተ ማኅሌት ከኣ፡ ፈለስትን፣ ያሬዳውያንን፣ ተማሃርትን ምእመናንን ክሳዕ ቅዳሴ ዝጅምር ቆይሞም ከዚሙ ኣጽብሑ። ሲዒቡ ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ዝመርሕዎ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርይም የዕብዮ ጳጳስ ዘመንበረ ከረንን 38 ለባስያን ካህናት ዝሓበርዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ። ካብ ኣራባዕቲኡ ሰበኻታትን ካበየ ቁምስናታቱን ዝመጹ መፍቀርቲ እኖና ኪዳነምሕረት ዝኾኑ ነጋድያን ምእመናን ከኣ ካብ ጻት ንጻት ቤተ-ክርስቲያን ቅጽጽ ኢሎም ቅዳሴ ክሰምዑ ኣርፈዱ። ድሕሪ ቅዳሴ ከምቲ ልሙድ ካብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ወጻኢ ለባስያን፡ ደናግልን፡ መዘምራን፡ ኣቦታት፡ ኣዴታት፤ን ንእሰያት፤ በብማሕበራቶም ቅዱሳን ኣሳእል ሒዞም፡ ኩሎም ተሰሪዖም ናይ ብሕቲ ጸሎትን ናይ ሓባር መቑጸርያን መዛሙርን እግዚኦታን እናደገሙ ገለውን ብምድግጋም "ኦማርያም ለምነልና" እናበሉን ዓዊዶም።

ድሕሪ ዑደት ያሬዳውያን ንኽብረ ኣዴና ማርያም ዝገልጽ ኣማን ብኣማን ዘይሃልቅ ኪዳንኪ፡ እናበሉ ብውዕውዕ መንፈስውነትን ስምዒትን ወረብ ምስ ገበሩ፡ ቀጺሎም ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያምን ነጋድያን ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት፥ ሎምዘመንœውን ነዚ ክብረ በዓል እኖና እግዚእትነ ማርያም ዘብቅዓና ኣምላኽ ነመስግኖ። ንግደትና ከኣ ንግደት ኢዮሩሳሌም ይግበረልና በሉ፡ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ቀጺሎም ካብቲ ኣብ ቅዳሴ ዝተነበ ወንጌል ሉቃስ ምዕ1፣39-56 ብምጥቃስ፡ ማርያም ኣብቲ ዝዘመረቶ መዝሙር ምስጋና እንተሪኢና ነዚ ሎሚ እነብዕሎ ዘሎና ብዓል እውን ብትንቢት ኣበሲራቶ ክንብል ንኽእል፡ ንሱ ጥራይ እውን ኣይኮነን፡ ኣምላኽ ኪዳኑ ዘይጠልም ኣምላኽ ፍትሕን፡ ርትዕን ከምዝኾነ እውን ክትምስክርን ከተበስርን ንሰምዓ። ከምቲ ቅዱስ ኤረኔዎስ ብዓል ሊዮን ዝበሎ ማርያም ስለ ዝተኣዘዘት ንርእሳን ንምሉእ ዓሌት ሰብን ምኽንያት ድሕነት ኮነት፡ ነቲ ኣዴና ሔዋን ዘበላሸወቶ ማርያም ኣዴና ኣዐረየቶ፡ ነቲ ኣዴና ሔዋን ዘጥፍኣቶ ኣዴና ማርያም ረኸበቶ፡ ብምባል ሰፊሕን ዓሚቍን ቃል ኣስምዑ። ቀጺሎም



ከኣ ድማ ብዛዕባ እዚ ጀሚርናዮ ዘሎና ዘመነ ጾም፡ ብልቢ እናጾምና ቁስሊ ነፍስና ነሕዊ፡ ፍትወት ስጋና ነሸንፍ፡ ብጽሞና ከኣ ነቲ ሕያው ቃል እግዚኣብሔር ንስማዕ፡ ንሕማማት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ነስተንትን፡ ብሓጢኣትና ንነሳሕ፡ እናበሉ ካብ ብሉይ ኪዳንን ካብ ሓዲስ ኪዳንን እናጠቀሱ ልቢ ዝትንክፍ ናብ ንስሓ ዝመርሕ ቃል ኣስምዑ። ኣብ መወዳእታ እቲ ሓያል ኣምላኽ ዓይኒ ሰለ ዘውደቀላ፡ ኣደ ወዱ ክትከወን ሓረያ። ብሓቂ ብጽዕትን ዕውትን ፍጥረት እያሞ ንዓና ድኹማት ደቅኺ ኣይትረስዕና፡ ካብ ወድኺ ምሕረት ለምንልና ክንብላ ይግባእ፣ ብምባል ስብከቶም ዛዘሙ። ኣስዒቦም መንእሰያት ንኽብሪ ማርያም ዝገልጽ መዝሙር ብሕብረት ድሕሪ ዘሚሮም ከኣ ከም ወትሩ ኣቶ ወልዱ ኣድሓኖም ንኽብሪ ማርያም ኣዴና ግጥሚ ምስ ኣንበቡ፡ እቲ ብዓል ብእግዝኦታ ተዛዚሙ።

ክቡራትን ክቡራንን፡ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝነገድኩም ፈተውቲ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት፡ ቅድሚ ኩሉ፡ ሎምዘመን

# ኪዳንኪ ኮነ ቤዛነ፡ መድኃኒተ ነፍስነ
## ክብረ በዓል እኖና ኪዳነ ምሕረት
## ርእሰ ኣድባራት ኣሥመራ፡ ፲፮ ለካቲት ፳፻፲፣ 23 ለካቲት 2018

እውን ነዚ ክብረ በዓላ፡ ከነብዕል ንእግዚኣብሔር ብዝሃበና ዕድል ብልቢ ነመስግኖ። እንቋዕ ነዚ ኣብቅዓና፡ ንግደትና ከኣ ንግደት ኢየሩሳሌም ይግበረልና። ኣብ መስዋዕተ ቅዳሴ ክቡራትን ክቡራንን፡ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝነገድኩም ፈተውቲ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት፡ ቅድሚ ኩሉ፡ ሎምዘመን እውን ነዚ ክብረ በዓላ፡ ከነብዕል ዝተቓልሐ ቃል ወንጌል ካብ ወንጌል ሉቃስ 1፡39-56 ዝተወስደ እዩ። ንሱ ከኣ ድሕሪ ብሥራት ገብርኤል መልኣክ፡ እኖና እግዝእትነ ማርያም ንቅድስቲ ኤልሳቤጥ፡ ክትበጽሕ ካብ ናዝሬት ኣይን ካሪም ናብ እትበሃል ናይ ይሁዳ ቊሸት ምኻዳን፡ ኣብኡ ምስ በጽሐት ከኣ ንቅድስቲ ኤልሳቤጥ ከምዝረኸበታን፡ መዝሙር ምስጋና (ታዐብዮ ነፍስየ) ከምዝዘመረትን፡ ንሠለስተ ወርኂ ዝኣክል ነታ ብጽሒቲ ወርኂ ዝነበረት ኣደ ዮሓንስ መጥምቕ ዘመዳ



ከምዘገልገለታን ዝነግር እዩ። ማርያም፡ ነቲ ኣብ ማኅጸና ሥጋ ዝለበሰ ወልደ እግዚኣብሔር፡ ማለት ንመድኃኔ ዓለም ተሰኪማ ከምዝመጸቶም ዝፈለጡ ኤልሳቤጥን እቲ ኣብ ማኅጸና ዝነበረ ዮሓንስ ሕጻንን ብዓብይ ሓጐስ ከምዝተሰራሰሩ ቅድስቲ ኤልሳቤጥ ከኣ ንእምነት ኣዴና ማርያም ብምድናቕ፡ እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተነግረኪ ቃል ከም ዚፍጸም ስለዝኣመንኪ ብጽዕቲ ኢኺ¡ (ሉቃ 1፡45) እናበለት ከምዘመስገነታ ወንጌል ሉቃስ ባዕሉ ይገልጸልና። ኣብቲ ተዐብዮ ነፍስየ ለእግዚኣብሔር ዝብል ናይ ምስጋና መዝሙራ፡ እኖና ማርያም በቲ ንኣኣን ንመላእ ሕዝቢ እስራኤልን ዝገበሮ ዓብይቲ ነገራ ንኣምላኽ ተመስግን። ትሕትና ባርያኡ ርእዩ እዩ እሞ እንሆ ኩሎም ወለዶ ብጽዕቲ ኪብሉኒ እዮም¡ እናበለትውን ነዚ ሎሚ ንክብራ እንገብሮ ዘሎና በዓልውን፡ ብትንቢት ኣበሠረቶ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ እኖና እግዝእትነ ማርያም፡ እግዚኣብሔር ኪዳኑ ዘይጠልም፣ ኣምላኽ ፍትሕን ርትዕን ከምዝኾነውን ብቕልጽሙ ኃይሊ ገበረ፡ ንዕቡያት ሓሳባት ልቦም በተነሎም፣ ንኃያላት ካብ ዙፋናቶም ኣውረዶም፣ ንዝተዋረዱ ከኣ ልዕል ኣበሎም፣ ንጥሙያት ብበረኸት ኣጽገቦም፣ ንሃብታማት ጥራይ ኢዶም ሰደዶም¡ ብምባል ክትምስክርን ክተበሥርን ንሰምዓ። እኖና ማርያም ብእምነታን ብተኣዝዞኣን ጸዋሪትን ወላዲትን መድኃኔ ዓለም ኮይና ንወዳ ንዓለም ኣቕረበቶ። ሎሚውን ገና ተቐርቦ ኣላ። በዚ ምኽንያት፡ ቅዱስ ኢረነኦስ በዓል ልዮን ብዛዕባ እግዝእትነ ማርያም ኣብ ታሪኽ ድኅነት ደቂ ሰብ ዘለዋ ዓብይ ተራ ክዛረብ ከሎ፣ ማርያም፡ ስለዝተኣዘዘት ንርእሳን ንምሉእ ዓሌት ሰብን ምኽንያት ድኅነት ኮነት¡ ይብል። ብሓቂ ከኣ እኖና ማርያም ብናጽነት ብዝተኸተለቶ መደብ እምነትን ተኣዝዞን ድንግል ማርያም ኣብ ድኅነት ደቅሰብ ተሓባበረት (ብርሃን ኣሕዛብ 56)። ብስም ኩሉ ፍጥረት ሕራይ ዚብል ቃላ ሃበት (ቅዱስ ቶማስ በዓል ኣኩኖ) ብተኣዝዞኣ ከኣ ሓዳስ ሔዋን፡ ኣደ ኩሎም ሕያዋን ኮነት¡(መ.ሃ. 511)።

መጽሓፍ ቅዳሴና እውን ነዚ ፍሉይ ጸዋዕታ ማርያም ክገልጽ ከሎ በኣማን ነጸረ እግዚኣብሔር ኣብ፡ እምሰማይ፣ ምሥራቀ ወምዕራበ፣ ሰሜነ ወደቡበ፣ ውስተ ኩሉ ኣጽናፍ ኣስተንፈሰ ወኣጼነወ፣ ወኢረከበ ዘከማኪ ወሠምረ መዓዛ ዚኣኪ ወኣፍቀረ ስነኪ ወፈነወ ወልዶ ኀቤኪ ዘያፈቅር¡ ብሓቂ እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ካብ ሰማይ ንምብራቕን ንምዕራብን ንሰሜንን ንደቡብን ኣነጺሩ ጠመተ፣ ኣብ ኩሉ ወገን ኣተንፈሰን ኣሸተተን፣ ከማኺ ዝበለት ግና ኣይረኸበን። ንመዓዛኺ ፈተዎ፡ ንግርማኺ ኣፍቀሮ፡ በዚ ምኽንያት ከኣ ነቲ ዘፍቅሮ ወዱ ናባኺ ለኣኾ (ቅዳሴ ዘድንግል ማርያም ፡ጐስዐ)ብምባል ዕቤት ኣዴና ማርያም ወላዲት ወልደ ኣምላኽ ንኽትከውን ካብ ኩለን ኣንስቲ ንላዕሊ ተሓርያን ተባሪኻን እያ። ከምቲ ወዳን መድኃኒኣን ክርስቶስ እሙን ዝኾነ ንሳ ከኣ ኪዳና ዘይትጠልም እምንቲ ኣደና እያ። ነቲ ኣዴና ሔዋን ዘበላሸወቶ ማርያም ኣዓረየቶ፡ ነቲ ኣዴና ሔዋን ዘጥፍኣቶ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ረኸበቶ፣ በዚ ምኽንያት ከኣ፣ ኪዳንኪ ውእቱ ማርያም ለኃጥኣን ተስፋነ¡፣ ኦ ማርያም ኣዴና፡ ኪዳንኪ ንኣና ንኃጥኣን ተስፋና እዩ፣ ኪዳንኪ ኮነ ቤዛነ፡ መድኃኒተ ነፍስነ¡፣ ኪዳንኪ በጃናን መድኃኒት ነፍስናን ኮይኑ እናበልና ብተስፋ ክንዝምር ሓዲርና።

ፍቁራን ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ ኣብዚ ናይ ሎሚ ለይቲ መዛሙር ነዚ ድሮ ጀሚርናዮ ዘሎና ናይ ጸሎትን ጾምን ምጽዋትን ክቡር ጊዜ ዘዘኻኽረና እውን ይርከቦ እዩ። ጾም ትፌውስ ቊስለ ነፍስ፡ ወታጸምም ኩሉ ፍትወታተ ዘሥጋ፡ ትሜህሮሙ ለወራዙት ጽሙና፡ እስመ ሙሴኒ ጾመ በደብረ ሲና¡(ዚቅ ዘኪዳነ ምሕረት)። ከምቲ ሙሴ ኣብ ደብረ ሲና ዝጾሞ፥ ጾም ንቊስሊ ነፍሲ ትፍውስ፣ ንኩሉ ናይ ሥጋ ፍትወታት ትሕክም፣ ነባጽሕ ጽሙና ትምህሮም እያ እሞ ኣብዚ ጀሚርናዮ ዘሎና ዘመነ ጾም ብልቢ እናጾምና ቊስሊ ነፍስና ነሕዊ፡ ፍትወታት ሥጋና ነሸንፍ፡ ብጽሞና ከኣ ነቲ ሕያው ቃል እግዚኣብሔር ንስማዕ ሕማማት መድኃኒና ነስተንትን ብኃጢኣትና ንነሳሕ። ወንጌል ከምዝብለና ኣዴና ማርያም ኣብ ምስማዕ ቃል እግዚኣብሔርን ኣብ ኣስተንትኖ ምሥጢራት ድኅነትን ዝቕድማ ኣይነበረን።

ቅዱስ ሉቃስ ክልተ ጊዜ ማርያም ግና ነዚ ነገር እዚ ኩሉ ኣብ ልባ ተዋህልሎን ትሓስቦን ነበረት¡(ሉቃ 2፡19)። ኣዲኡ ድማ ነዚ ኩሉ ነገር ኣብ ልባ ተዋህልሎ ነበረት፣¡ (ሉቃ 2፡51) ብምባል ክሳዕ ክንደይ ነቲ እግዚኣብሔር ዝብሎን ዝገብሮን ጥንቅቕትን ክፍትን ከምዝነበረት ይገልጸልና። በዚ ምኽንያት ኢየሱስ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ብጥበብን ብቑመትን ብጸጋን ዓበየ¡ (ሉቃ 2፡52)። ኣዴና ማርያም ከም ሕያወይቲ ወላዲት ነቲ ኣብ ልባ ተዋህሎሎን ትሓስቦን ዝነበረት በብቑሩብ ነቲ ፍቁር ወዳ ተካፍሎን ትኩስኩሶን ከምዝነበረት የርድኣና። እዚ ኣዴና ማርያም፡ ንኩልኽን ናይ ሎሚ ኣዴታትውን ዓብይ ኣብነት ከምዝኾነት ዘረጋግጽ እዩ። ኣብ ጊዜ ጾም፣ ቅድሚ ኩሉ ልብና ከፊትና ኣእምሮና ጠርኒፍና ጽን ኢልና ቃል እግዚኣብሔር ክንሰምዕ ይግባእ። መጀመርያ ትርጉም ጾም ከኣ፣ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ስምዒታትካን ሕዋሳትካን ተቖጻጺርካ ምኽኣል ማለት እዩ። ብቃል እግዚኣብሔር ዝተተንከፈ ሕይወት ከኣ ናብ ንስሓን ለውጢ ሕይወትን ኣቢሉ እዩ ዘምርሕ። ሽዑ እዚ ምስ ሰምዑ ልቦም ተወግአ እሞ ንጴጥሮስን ነቶም ካልኦት ሓዋርያትን ›ኣቱም ኣኅዋትና እንታይ ንግበርœ? በልዎም። ጴጥሮስ ከኣ ከምዚ በሎም። ›ተነስሑ፣ ኅድገት ኃጢኣት ምእንቲ ክትረኽቡ ከኣ



ትግራይ ኣብ ትግራዮም ተሪፎም ኤርትራ ከኣ ሓድሽ ስርርዕ ክትገብር ግድን ነይሩ። ብድሕሪ እዚ እቲ ዘሰሜን ኢትዮጵያ ዝብሃል ዝነበረ ከም ኮሚቴ ኣብቂዑ፡ እቲ ቤት ጽሕፈት ኣብ መስከረም 1991 ከም ደፓራትመንት ክቀውም ተወሲኑ። ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ቤ/ት ኮይኑ ብሃገራዊ ቤት ጽሕፈት እናተመወለ ጽቡቅ ክንቀሳቀስ ጀሚሩ። ኣብ ትሕቲ እዚ ደፓርትመንት እዚ ክፍሊ ፓስቶራል ክፍሊ ትምህርቲ ክፍሊ ኮሙኒከሽን ተጠንርኒፉን ይሰርሓ ነይረን። ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ዝነበርና ኣባ ተኸለብርሃን ጸጋይ ከምሓላፊ፡ እናቴ ኤልሳ ተወልደ ከም ናይ መምህራን ትምህርተ ክርስቶስ ሓላፊት፡ መም ወልደጊዮርጊስ ከም ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ሓላፊ፡ ኣቶ ርእሶም ገብረሂወት ከም ናይ ጋዜጣ ሓቅን ሂወን ሓላፊ፡ ወ/ት ሃይማኖት ክፍሉ(ብድሕሪኣ ወ/ሮ ኣዜብ እስቲፋኖስ) ከም ጽሓፊት። ከምዚ ኢልና ዳርጋ ንክልተ ዓመት ምስ ሰራሕና ኣብ 93-94 ኣነን እናቴ ኤልሳን ብዘይ መተካእታ ካብቲ ቦታ ተቀይርና፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ምእመናን ሰለ ዝነበሩ ኣይጥዓሞምን፡ ብብግዚኡ ድማ ካብቲ ቤት ጽሕፈት ተሳናቢቶም። ሓደስቲ ሰበኻታት ምስ ተመስረታ ከኣ ንዕኡ ዝትክእ ሰብ ስለ ዘይተረኽበ ዝገደደ ደኺሙ ዳርጋ ደስኩሉ ተሪፉ። ሕጂ ከኣ እንሆ ንርእዮ ኣሎና መንፈስ ቅዱስ የብርሃልና። ብምባል መግለጺኦም ዛዘሙ።

እናቴ ክብራ ብወገነን ብ2004 ዓምፈ ካብ ኣባ ክብሮም እየ ነቲ ቤት ጽሕፈት ተረኪበዮ፡ ኣባ ክብሮም ንሕሙማት ኤች ኣይቪ ዝምልከት እዮም ይግደሱ ነይሮም። ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ዝነበረ ኹሉ ንብረት ሒዞም ቦታ ስለ ዝቀየሩ፡ ፕሮጀክት ጽሒፈ ነቲ ንብረት ተኪኣዮ፡ ኣብተን ዝሰራሕኩለን ዓመታት፡ ፓስቶራል ፕላን ኣደልየ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታ 10 ዓውደ መጽናዕትታ ኣካይደ፡ ብ 2006 ፓስቶራል ኮሚሽን ቆይሙ መደባቱ ሓንጹጹ ክሰርሕ ጀሚሩ፡ ኣነ ድማ ብ2008 ካብ ስራሕ ደው ኢለ፡ ብምባል ሓጺር መብርሂ ምስ ሃባ፡ እናቴ ምሕረት ጸጋይ፡ ድማ ካብ 2008 ክሳብ 2016 እዚ ቤት ጽሕፈት ሰብ ኣይነበሮን፡ ኣነ ነዚ ቤት ጽሕፈት ካብ ዝርከቦ ክልተ ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ገይረ ኣሎኹ፡ ኣብዘን ክልተ ዓመታት ካብ ሃገር ወጻኢ ኣብ ዝግበር ኣኼባታት እናተሳተፍኩ ብኸመይ ከምዝጅምሮ መጽናዕቲ ከካይድ ጸኒሐ ኣሎኹ። ሕጂ ከመይ ንገበር? ቤተክርስትያንከ እንታይ ትብለና ፡ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግስስትኣብ ክሕብሩና እዮም ኢለን ንብፁዕ ሊቀጳጳስ ሓሳባቶም ክህቡ ዕድል ሃብኦም።

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ድማ ነቶም ተሳተፍቲ ሰላምታ ምስ ሃቡ፦ ከምቲ ክግለጽ ዝጸንሐ እዚ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ፡ ብሃገር ጀረጃ ዝቆመ ኮይኑ ውልዕ ጥፍእ እዩ ክብል ጸኒሑ፡ ይጅምር የቋርጽ፡ ንሕና ከም ጳጳሳት ኩሉ ግዜ ኢና ንዛረበሉ፡ ምኽንያቱ ናይ ቤተክርስቲያን ቀዳማይ ስራሕ ስብከተ ወንጌል እዩ። እቲ ጸገም ንዕኡ ብሓላፍነት ዝሕዝ ሰብ እዩ ተሳኢኑ፡ ብዙሕ ግዜ ንገዳማት ሓቲትና ኢና። እዚ ቤት ጽሕፈት እዚ ኣብ መጀመርያ ረዲኤት ብምዕዳል ስለ ዝጀመረ እዚ ነገር እዚ ገለ ጸልይዎ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ካልእ ጉድለት እውን ነይሩ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ሕጂ ግና ብሓድሽ መንገዲ ክጅምር ኢና ንድለዮ ዘሎና፡ ዝሓለፈ ግዜ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ፍሉይ ኣኼብ ጌርና ነዚ ክፍሊ እዚ ብዝያዳ ከነበራትዖ ተበጊስና ኣሎና።

ብ19 ጥሪ 2013 ርእሰ ምሕድርቲ ቤተክርስትያን ምስ ኮንና ስራሕ እዩ ተወሲኹና፡ ስለዚ ኩልና ብሓባር ንምሥራሕ ክንብገስ ኣሎና፣ ብዙሕ ዝጽበየና ስራሕ ኣሎ። ሕጂ እዚ ሃገራዊ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ፡ ሃገራዊ ኮሚቴ ፍትሕን ሰላምን፡ ሃገራዊ ኮሚቴ ቤት ምኽሪ ምእመናን፡ ሃገራዊ ኮሚቴ ቤት ምኽሪ መንእሰያት፡ ሃገራዊ ኮሜት ትምህርተ ክርስቶስ፡ ዘማልኣ ኮይኑ ስርሑ ክጅምር እዩ፡ እዞም ኮሚቴታት ነታ ኣውሃሃዲት ሃገራዊ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ ዓቢ ሓገዝ እዩ፡ ኣብ ርእሲኡ ድማ ኣብ ነፍሲወከፍ ሰበኻ ኣውሃሃድቲ ሓዋርያዊ ግብረ ተኣልእኮ ኣለዉ። ኢሎም። ብድሕሪ እዚ ነታ ብፁዕ

ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት በንዲክት ዝተደረስዋ ወንግል ፍስሓ¡ ትብል ኣዝያ ኣገዳሲት መጽሓፍ ትሕዝቶኣ ጸሚቆም ንተሳተፍቲ ዓሚቕ ትምህርቲ ዝሓዘለ መብርሂ ሂቦሞም። ትሕዝቶ ናይታ መጽሓፍ ኣዝዩ ዓሚቕ ሰለ ዝነበረ ኩሉ ተሳታፊ ብምስትውዓል እዩ ተኸታቲልዋ፡ ኩላቶም ድማ ቀልጢፍ ናብ ትግረኛ ክትትርጎም መሕጽንታ ኣቕሪቦም። ብድሕሪ እዚ ብመሰረት እዚ ካብታ መጽሓፍ ዝቀረበ ሓደ ሓደ ሓሳባት ተሳተፍቱ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት ተኸፋፊሎም ንሓደ ስዓት ዝኣክል ንዝተዋህቦም ሕቶ ምስ ዘተዩ፡ ሓደ ብሓደ ናይ ጉጅለታት ጸብጻብ ቀሪቡ። ብሓባር ድሕሪ ምሳሕ ከኣ እቲ መደብ ብጸሎት ምስጋና ተዛዚሙ።

ክትረኽበልናን ኢያ። ኣብ መወዳእታ ናሁ ሠናይ ወናሁ ኣዳም ሰበ ይሄልው ኣኀው ኅቡረ¡ ዝበሎ ናይ ዳዊት ነቢይ ብምጥቃስ ናይœቲ ሕዝቢ ሰምስረትን ውህደት ሞጊሶም ብሩኽ ኣውደኣመት ይግበረልና ብምባል ቃለ ማዕድኦም ዛዘሞም። እቲ ክብረ በዓል ብጸሎትን ቃለ ስሬትን መኽፈልትን ተዛዚሙ።

## ሓዋርያዊ ምብጻሕ

ብዕለት 7 መጋቢት 2018 ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ኣብ ዓዲ ሽብጢ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ሓዋርያዊ ምብጻሕ ገይሮም። እቶም ምእመናን ብዓቢ ሓጎስ ተቐቢሎሞም። በቲ ዝሰርሕሎም ዘለዉ ኣዳራሽ ድማ ምስጋናኦም ኣቅርቦም። ምኽንይቱ ጸገም ናይቶም ምእመናን ርእዮም ሓደ ንቤት ጸሎትን ንቅዳሴን ንኻልእ መንፈሳዊ ጉዳያትን ዘገልግል ኣዳራሽ መስርሒ ዝኸውን ንብረት ኣቐዲሞም ኣወፍዮምሎም ስለ ዝነበሩ፣ ሕጂ እቲ ኣዳራሽ ኣብ ምዝዛም ተቃሪቡ ኣሎ። እዚ ዝተገብረሉ መኽንያት ድማ እቶም ምእመናን ሒደት ስለ ዝኾኑ ንምትብባዖም ተባሂሉ እዩ።

ከም እውን ብፁዕ ሊቀጳጳስ ንማሕበር ቅዱስ ዮሴፍ ካህናት ርእሰ ሰበኻ ኣሥመራ ብዕለት 11 መጋቢት 2018 ዓውደ መጽናዕቲ ኣካይዶም። ከም መጠን ኳሶት ነፍሳት፣ ብፍላይ ንመንእሰያትን ንቆሎዑን ብኸመይ ከምዝሕዝዎም ከኣ ትምህርትን ማዕዳን ሂቦሞም። እቲ መደብ ዕለት 12 መጋቢት 2018 ንጉሆ ብቅዳሴ እዩ ተዛዚሙ።

## ዓውደ መጽናዕቲ ናይ ሃገራዊ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ

ብዕለት 8 መጋቢት 2018 ኣብ ርእሰ ኣድባራት ከዳነ ምሕረት ንሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ ዝምልከት ብሃገር ደረጃ ዓውደ መጽናዕቲ ተኻይዱ።

ኣብቲ ዓውደ መጽናዕቲ ብፁዕ ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ሊቀጳጳስ ዘመንበረ ኣስመራ፡ ከምኡ እውን ዕድመ ዝተገብረሎም ካብ ኣርባዕቲኤን ዘበኻታት ኤርትራ ዝመጹ፡ ኣሕሉቅ ገዳማትን ቆሞሳትን ሰብ ውፉይ ሕወትን ኣውሃሃድቲ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮን ተሳቲፎም ነይሮም።

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥትኣብ ነቲ ዓውደ መጽናዕቲ ምስ ከፈትዎ፡ እናቴ ምሕረት ጸጋይ ሓላፊት ሃገራዊ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ቃል ሰላምታ ምስ ኣስምዓ፡ ናይ ሎሚ ኣኼባና ሃገራዊ ክፍሊ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ እቲ ክኾኖን ክገብሮን ዝግብኦ ሓቢርና ንምዝታይ እዩ። እዚ ቤት ጽሕፈት እዚ ከምቲ ዝግባእ ይነጥፍ ስለ ዘየለ ከም ሃገርን ከምሕዝብን እምነትናን እምነት ሕዝብናን ንምሕዳስን ብሓድሽ መንፍስ ንምብጋስን፡ ከም ቤተክርስትያንን ከም ኳሶትን ድማ ሓላፍትና ንምስካምን እዩ፡ ብምባል ናይቲ ዓውደ መጽናዕቲ መግለጺ ምስ ሃባ። ቀጺለን ድማ ቅድመይ ዝነበሩ ኣካየድቲ ናይዚ ቤት ጽሕፈት እዚ ኣብ ግዚኦም ከመይ ከምዝጀመረን ከምዝነበረን ክቡር ኣባ ተኽለብርሃን ጸጋይን ክብርቲ እናቴ ክብራ ፍስሓን መብርሂ ክህቡና እዮም ኣነ ድማ እዚ ሕጂ ዘለዎ ኩነታት ምስ ገልጽኩ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ብወገኖም ቤተክርስትያን ብወገና እንታይ ከምትብለናን ከመይ ከምንገብርን መብርሂ ክህቡና እዮም ኢለን።

ብድሕሪ እዚ ክቡር ኣባ ተኽለብርሃን ጸጋይ ንተሳተፍቲ ብዛዕባ ቤት ጽሕፈት ዘሰሜን ኢትዮጵያ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ ሓጺር ሓበሬታ ክህብ ብዝተገብረለይ ዕድመ ብልቢ ኣመስግን። መጀመርያ እዚ ቤት ጽሕፈት ቅድሚ ምቛሙ ኣብ 1987 ኣቢሉ ኣብ ደቀምሓረ ዝነበራ ደናልግል ኮምቦኒ ኣብ ከባቢ ሓደግቲ ማዕረባ፣ ሓዲሽ ዓዲ ዓደብዑር፣ ኣብ ቀዳመ ሰንበት ሓዋርያዊ ስራሕ የካይዳ ነይረን። ካብቲ ዘጋጥመን ዝነበረ ሓደ ሓደ ኩነታት ሕጽረት ትምህርተ ክርስቶስ ከምዝነበረ ተገንዚበን። እተን ሽዑ ዝነበራ ሓለቃ ተምሃርቲ ስጳኛዊት ፈላሲት፡ እናቴ ፒና ዝብሃላ ሓንቲ ንእሽቶ ኣይሱዚ ነይራተን፡ ብፍላይ ኣብ ማዓረባ እናሓደራ ሓዋርያዊ ስራሕ የካይዳ ነይረን፡ እታ ናይ ማዕረባ ቀጽሪ ጽቡቅ ማዕጾ ሰለ ዘይነበራ ብተበግሶኤን እዛ ሕጂ ዘላ ሕብራዊት ማዕጾ ንሳተን ዝገብርኣ እያ። እዘን ዝተቐስኩወን ፈላሲት ምናልባት ካብ ዝነበረን ተመክሮ ይኸውን ንገለ 25 ኣቢሎም ዝኾኑ ቁሩብ ናይ ቤተክርስትያን ኣገልግሎት ተመኩሮ ዝነበሮም ከምኡ እውን ሓደ ቁሩባት ኣስፒራንት ዳርጋ ን6 ሰሙን ዝኸዉን ፍሉይ መባእታ ትምህርቲ ንካተኪስትስ ክንምህረለን ንገለ 5 ወይ 6 ዝኾኑ ካህናት ኣስመራ መጺኤን እናዞራ ዓዲመናና ብኸምዚ ንመጀመርያ ግዜ ንካታኪስት ኣምሂርካ ናብ ቁምስናታት ምስዳድ ተጀሚሩ። ብድሕሪኡ ካብ ከባቢ ሰገነይት ጥራይ ዘይኮነ ካብ ከረንን ጊንዳዕን እውን ኣብ ደቀምሓረ ብተበግሶ ደናግል ኮምቦኒ ንኻልኣይ ግዜ ተኻይዱ።

ብወገን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስ ከምዚ ኢሉ ክጅምር እንከሎ፡ ኣብ 87-88 ኣቶ ሚካኤል እስቲፋኖስ ዘካይድዎ ዝነበሩ ጋዜጣ ሓቅን ሕይወትን ደው ስለ ዝበሉ፡ ኣብቲ እዋን እቲ ናይ ሰበኻ ቤት ምኽሪ ምእመናን ኣቦ መንበር ዝነበሩ ግራጅማት ኪዳነን ከምኡውን ኣባ ሰለሙን መሓረናን ንወርሓዊ ጋዜጣ ንምክያድ ምስ ብፁዕ ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ ተማኺሮም ክከታተላን ወርሒ ወርሒ ክትውጽእን ናባይ ኣጸጊያምዋ። ኣነ ኣብቲ ግዜ እቲ ኣብ ዘርኣክህነት ናይ ተማሃርቲ ምኽትል ሓለቓ እየ ነይረ፡ ኢሎም።

ንምቋም ቤ/ጽ ዘሰሜን ኢትዮጵያ ካ/ቤ ሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ ንዝምልከት ከኣ፡ ብ24 ሚያዝያ 1979 ዓ-ም-ግ ብፁዓን ጳጳሳት ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ ሰበኻ ኣስመራ፡ ኣቡነ ኪዳነማርይም ተኽለሃማኖት ሰበኻ ዓዲግራት፡ ኣቡነ ሉቃስ ሚለዚ ቪካርያቶ፡ ሓደ ንኹሉ ሰሜን ወገን ሓበሻ ዝምእክል ኮሚቴ ሓ/ግ/ተ ኣብ ኣስመራ ከምዝቀውም ገይሮም። ኣባላት ናይዛ ኮሚቴ ድማ ሸውዓተ ኔርና፡ እዚ ኮሚቴ እዚ ብጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኢትዮጵያ ዝተፈቀደ ኮይኑ ናይቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበረ ሃገራዊ ኮሚቴ ሓ/ግ/ተ ኣባል፡ ኢዩ ነይሩ፡ ንሰለስተ ሰበኻታትማለት ኣስመራ፡ ቪካርያቶ፡ ዓዲ ግራት ዝምእክል ድማ እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን እቲ ዝያዳ ክትግበር ኢልና ንውጥኖ ዝነበርናዖ ትምህርተ ክርስቶስ፡ ስርዓተ ኣምልኾን ምስጢራትን፡ መዛግብተ ምስጢራትን ሕትመት መጻሕፍቲ በብደረጃኡን ግጻዌን ወዘተ ነይሩ።

ብድሕሪ እዚ ከም ኮሚቴ መጠን ንመጀመርያ ጊዜ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ካብ 2-4 የካቲት 1980 ዓ-ም-ግ ኣካይድና። እዚ ዓውደ መጽናዕቲ እዚ ብዓይነቱን ትሕዝቶኡን ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትስያና ንመጀምርያ ግዜ እዩ ነይሩ፡ ናቱ ፍሉይ ቴማ ከኣ ንሕና ኩልና ብሓባር ሰሪሕና፡ ጸሊና፡ ተሰማሚዕና፡ ተሓጋጊዝና፡ መዲብና፡ ተኸባቢርና፡ ተቀባቢልና፡ ዘሚርና ኣስተንቲንና፡ ሂብናን ተቀቢልናን፡ ብሓጎስ እንተነቢርናን ንሕይወት ኣስተማቂርናን ሓንቲ ቤተክርስትያን ኢና፡ ዝብል እዩ ነይሩ። እቲ ሽዑ ዝተገብረ ዓወደ መጽናዕቲ ብምልኡ ኣብ መጽሔት ተሰኒዱ ኣሎ።

ብድሕሪ እዚ ኣብ 88-89 ዓ-ም-ፈ ኣብ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ፍሉይ ቦታ ተዋሂብና ስራሕና ከነካይድ ጀሚርና ኢሎም። ኣባቴ ቀጺሎም ብ1981 ከምኡ ድማ ብምኽንያት መበል 150 ዓመት ኣቡነ ያዕቆብ ዩስጢንዮስ ክልተ ዓውደ መጽናዕትታት ከዝገበሩ ምስ ሓበሩ፡ ብዛዕባ እቲ ብድሕሪኡ ዝነበረ ኩነታት ክገልጹ እንከለው፡ ካብዚ ንድሓር ናይ 1990 ኩነታት ስለ ዘርከበ ቤተ ክርስትያን ከምድላያ ክትራኸብ ትኽእል ኣይነበረትን ብ1991 ናጽነት ምስ ኮነ ግና ኩሉ ነገር ምስ ተለወጠ ቤ/ጽ ዘሰሜን ኢትዮጵያ ካ/ቤ ከኣ ብኹሉ መዳያቱ ክልውጥ ግድን ነይሩ



ነፍስ ወከፍኩም ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ይጠመቕ፣ እግዚኣብሔር ዚህቦ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ክትቅበሉ ኢኹም¡(ግ.ሓ. 2፡37-38)። ጾም ንሰውነትና ክንመልኽ ስለዝሕግዘና ንመንፈሳውነትናን ንጸሎትናን እውን የበርትዖን ይሕግዞን እዩ። እምነት ፍቕሪ ተስፋ ክዕምብባን ክፈርያን ይኽእላ።

እቲ ካልኣይ ትርጉም ናይቲ ንጾሞ ጾም ፍቕሪ ብጻይ እዩ፡ ኣብዚ ጊዜ እዚ ዝደጋገም መዝሙር ንጹም ጾመ ወናፍቅር ቢጸነ¡ ጾም ንጹም ንብጻይና ከኣ ነፍቅር ዝብል እዩ። ከምቲ ቅዱስ ያዕቆብ ዝብሎ እምነት ተግባር እንተዘይብላ ንርእሳ ምውቲ እያ¡ (ያዕ 2፡17)። ብቅንዕና እስኪ ንዛረብ። ብዙኅ ጊዜ፡ ካባይ ጀሚርካ፡ ምሕረት ንደሊ፡ ዘምሕር ግን ኣይንገብር፡ ምሕረት ንደሊ ዘምሕር ግን ኣይንዛረብን፡ ምሕረት ንደሊ ንብጻይና ክንምሕር ግን ድልዋት ኣይኮናን። ሰብ ክድንግጸልና ንደሊ ንሕና ግን ኣዚና ንካልኦት ንጭክነሎም። እዚ እዩ ንእግዚኣብሔር ጸጊሙዎ ዘሎ። ንምሕረት ቅልጡፍ ንኲራ ደንጓይ ክንሱ ብሰንኪ ግብርና ክምሕረና ምሕረት ንስእን። ቅኑዕ ጾም ግን ንልብና የረስርሶ፡ ንመንፈስና የሓድሶ፡ ነእምሮና ይኸፍቶ፡ እዩ ኣሞ ቃል እግዚኣብሔር ንስማዕ ንሱ ዝብለና ንቀበል። ብልቢ፡ ብሓቂ፡ ንዝበደሉና ይቕረ ከምእንብል በደልና ኀደገልና¡(ማቴ 6፡11)እንተበልናዮ ድኀነትናውን ርሕቕቲ ኣይክትከውንን እያ። እዮኤል ነቢይ ፣ እግዚኣብሔር ›እምበኣርሲ ሕጂœውን ብጾምን ብብኽያትን ብቍዘማን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ። ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ደኣ ቅደዱœ ይብል ኣሎ። ንሱ ንኹራ ደንጓዩ፡ ብምሕረት ከኣ ምሉእ፣ ካብ ኪቐጽዕ ኪርኅርኅን ኪምሕርን እዩ ዚፈቱ እሞ፡ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም



ተመለሱ። ምናልባሽ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ተጣዒሱ ይምለስ ይኸውን፡ በረኸት ይኃድገልኩምን ዘራእትኹም የብዝኃልኩምን ይኸውን፣ ሽዑ መስዋዕቲ እኽልን መስዋዕቲ መስተን ክተቕርቡሉ ክትክእሉ ኢኹም¡(ኢዩኤል 2፡12-14) ይብለና። ነቢይ ሆሴዕ እውን ካብ መስዋዕቲ ከተቕርቡለይሲ ምሕረት ክትገብሩ እፈቱ። ካብ ዚሓርር መስዋዕቲ ከተቕርቡለይ ከኣ ኣምላኽ ምኻነይ ክትፈልጡ እፈቱ¡ (ሆሴዕ 6፡6) ይብል። ኢየሱስ ባዕሉ እውን ንሆሴዕ እናጠቐሰ፡ ምሕረት ደኣ እምበር መስዋዕቲ ኣይኮንኩን ዝደሊ (ማቴ 9፡13) ኢሉና እዩ። መጽሓፍ ምሳሌ ከኣ ኣነጺሩ እግዚኣብሔር መስዋዕቲ ካብ እተቅርበሉስ ጽድቅን ቅንዕናን ክትገብር እዩ ዜፈቱ¡ (ምሳሌ 3) ይብል። ኢሳይያስ ነቢይ ድኅነት እንተ ደሊኹም፡ ፍትሒ ሓልዉ፡ ቅኑዓት ከኣ ኩኑ፣ ከመይ ምድኃነይ ቀሪቡ እዩ፣ ጽድቀይ ድማ ቀልጢፉ ኪግለጽ እዩ¡ (ኢሳ 56፡1) ይብለና። ተመልሱ ናብ እግዚኣብሔር ጸልዩ፡ ቀረባ ከሎውን ጸውዕዎ፡ ኃጥኣን መንገዶም፡ ዓመጸይናታት ከኣ ሓሳቦም ይኅደጉ፣ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽናውን ይመለሱ፣ ንሱ ኪምሕሮም ኣዝዩ ከኣ ይቕረ ኪብለሎም እዩ¡ (ኢሳ 55፡6-7)ዝብል ጥዑምን ዘጸናንዕ ቃላት የስምዓና።

ምምላስና ንእግዚኣብሔር ኣዝዩ ዘሓጕሶ እንተኮይኑ፡ እቲ ዘሕዝኖን ዘኹርዮንከ እንታይ እዩ? እንተበልና፡ ኣብዚ እውን ቅዱስ መጽሓፍ ንጹር እዩ። ንኣብነት ነቢይ ኣሞጽ ሕዝቢ እስራኤል፡ ፍትሒ ምስ ኣጥፍኡ፡ ዓመጽ ምስ ኣብዝኁ፡ እንታይ ዝብሎም ብኑጹ ይነግረና። ንስኻትኩም ነቲ ኣብ ባይቶ ፍትሒ ምእንቲ ከውጽእ ዚቃወም ትጸልእዎ፣ ነቲ ብቕንዕና ዚዛረብ ከኣ ትፍንፍንዎ። ንድኻ ስለዝረገጽኩምዎ፣ ነቲ ዘፍረዮ ስርናይ ከኣ ስለዘግደፍኩምዎ፡ ብጽሩብ ኣእማን ኣባይቲ ሰራሕኩም፡ ግናኸ ኣይክትነብርዎን ኢኹም። ዜብህግ ኣታኽልቲ ወይኒ ተኸልኩም፣ ግናኸ ነቢቱ ኣይክትሰትዩን ኢኹም። ኣነስ ግህሰትኩም ብዙኅ፣ ኃጢኣትኩም ከኣ ብርቱዕ ከም ዝኾነ እፈልጥ እየ። ነቲ ጻድቕ ተጽብቡሉ፣ መማለዲ ትቕበሉ፣ ነቲ መስኪን ኣብ ባይቶ ትገፍዕዎ ኣሎኹም። ክፉእ ዘመን እዩ እሞ፣ እቲ ለባም በዚ ከምዚ ዘመሰለ ዘመን ሱቕ ይበል¡(ኣሞጽ 5፡10-13)። ሎሚኸ፡ እዚ ናይ እግዚኣብሔር ክሲ ንኣና ዝምልከትዶ ይኸውን። ብርግጽ ሎሚœውን ዓመጽ፡



ጭቆና፡ ብልሽውና፡ ስእነት ፍትሒ፡ ምትላል ሓድሕድ፡ ምጭኽኻን፡ ጠፊኡ ክንብል ኣይንኽእልን። ሓድሓደ ጊዜስ ሳዕሪሩን ከም ቅቡል ተወሲዱን ኮይኑን ስለዘሎ፡ መዓቱ ደኣ የቍርረልና እምበር፡ ንእግዚኣብሔር ዘቖጥዕን ዘሕዝንን እዩ። ሕማቕ ዘበንሲ ካብቲ ዝገብረካ እቲ ዝገድፈልካ ከምዝበሃል ሕማቕን ጽቡቕን፡ ሓቅን ሓሶትን ፈሊና ክሳዕ ምስኣን በጺሕና ኣሎና። ስለዚ ንነሳሕ ንማህለል።

ምስ ኤርሚያስ ነቢይ ኮይንና ጥልመትና ብዙኅ እዩ፣ ንኣኻውን በዲልና ኢና፣ ስለዚ ኦ እግዚኣብሔር፣ ኣበሳና እኳ እንተ ኸሰሰና፣ ስለ ስምካ ኢልካ ርድኣና። ተስፋ እስራኤል ንስኻ በይንኻ ኢኻ። ብጊዜ ጸበባ እተድኅነና ድማ ንስኻ ኢኻ። ስለምንታይ ደኣ ኣብ ሃገር ከም ጋሻ፣ ከምቲ ንሓንቲ ለይቲ ጥራይ ዚኅድር ኃላፍ መንገዲ እትኸውን? ስለምንታይ ከም ቀባሕባሓ፣ ከምቲ ኬውዕል ዘይኽእል ጅግና ትኸውን? ንስኻ ኦ እግዚኣብሔር፣ ብርግጽ ኣብ ማእከልና ኣሎኻ። ንሕና ሕዝቢ እግዚኣብሔር ተባሂልና ብስምካ ዝተሰመና ኢና እሞ ኦ እግዚኣብሔር ኣይትኅደገና¡(ኤር 14፡7-9)ንበሎ። ኣዴና ኪዳነ ምሕረትœውን ክሕግዘኩም ንዑ ተማህለሉ እያ ትብለና። ንሳ ንኩላትና ኣብነት ናይ ተኣዝዞን እምነትን ቅድስናን እያ። ኣብ ወንጌል ሉቃስ ኢየሱስ ክዛረብ ከሎ ሓንቲ ሰበይቲ ካብቶም ሕዝቢ፣ ድምጻ ዓው ኣቢላ፣ ›ዝጸረትካ ከርሥን ዝጠበኻየን ኣጥባትን ብጹዓት እየንœ በለቶ። ንሱ ግና ›ብጹዓንሲ እቶም ንቃል ኣምላኽ ዚሰምዑዎን ዚሕልዉዎን ደኣ እዮምœ በላ¡ (ሉቃ 11፡27-28)። ኣዴና ማርያም ፍቓድካ ይኹን¡ ብምባላ ብሓቂ ፍቓድ እግዚኣብሔር ብምሉእ ልባ ስለዝፈጸመት ዓብይ ክብሪ ረኺበት። በዚ እዩ ኢየሱስ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ዘበለ ኩሉ፣ ንሱ ኃወይን ኃውተይን እኖይን እዩœ ኢሉ ኢዱ ናብ ደቀ መዛሙርቱ ዘርጊሑ ›እኖይን ኣኅዋተይንሲ እንሆውœ(ማቴ 12፡50)ዝበለ። ካብ መጀመርታ ክሳዕ መጨረስታ ንወዳ ስለዝተኸተለት፣ ማርያም እታ ቀዳመይትን ኣብነታዊትን ጓል መዝሙር ወዳ እያ። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ዘረባ ሰዓብቲ ኣይኮነን ዝደሊ። ሓቂ እዩ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ደኣ እምበር፣ ጐይታይ! ጐይታይ! ዚብለኒ ኩሉ ናብ መንግሥተ ሰማያት ኣይኣቱን እዩ¡ (ማቴ 7፡21)ክብለና ። ሓቂ እዩ ነቲ ኣነ ዝብሎ ዘይትገብሩስ ስለምንታይ ኢኹም

ጐይታይ! ጐይታይ! እትብሉኒ?(ሉቃ 6፡46) ዝበለ። ሎሚ ግን ብኣማላድነት ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ናይ ግብሪ ሰዓብቱ ክንከውን ንተዓጠቕ።

ቅዱሳን ኣበው ኣቀዲሞም፡ እቲ ናይ ሔዋን ናይ ዘይምትእዛዝ ቊጻር ብናይ ማርያም ተኣዝዞ ተፈቲሑ፣ ድንግል ሔዋን ብዘይምእማና ዝኣሰረቶ ማርያም ብእምነታ ዘርዘረቶ፡ ኪብሉ ብደስታ ይገልጽዎ። ምስ ማርያም ብምንጽጻር ድማ ንማርያም ኣደ ኲሎም ›ሕያዋን፡ ይብሉዋ። ወትሩ ከኣ ›ሞትœ ብሔዋን፣ ›ሕይወትœ ብማርያም መጺኡ ከብሉ ተረኺቡ። (መ.ሃ. 494)። መርገም ብሔዋን ድኅነት ከኣ ብማርያም ከምዝመጸና ይገልጹ። በዚ እዮም ካብ ጥንቲ ኣንቲ ውእቱ ተስፋሁ ለኣዳም ኣመ ይሰደድ እምገነት፡ ኣዳም ካብ ገነት ክስጐግ ከሎ ሓንቲ ተስፋ ዝኾንክዮ ንስኺ ኢኺ፡ ዝበልዋ። ሎሚœውን እዛ ኪዳና ዘይትጠልም ኣደ ተስፋና እያ። እቱ ኃያል ዓይኑ ስለዘውደቐላ፣ ኣደ ወዱ ክትከውን ስለዝኃረያ፡ ብሓቂ ብጽዕትን ዕውትን ፍጥረት እያ። ስለዚ ኣንቲ ውእቱ ተስፋሁ ለኣዳም ኣመ ይሰደድ እምገነት፡፣ ብዓንተቦ ኣዳም ካብ ገነት ክስጐጐ ከሎ ተስፋ ዝኾንክዮውን ንስኺ ኢኺ እሞ ሕጂውን፡ ንኣና ነዞም ኣብ ናይ ንብዓት ቆላ እንጐዓዝ ድኹማት ድቅኺ ኣይትረስዕና፡ ካብ ወድኺ ምሕረት ለምንልና ኦ ርኅርኅቲ፡ ኦ መሓሪት፡ ኦ ጥዕምቲ ድንግል፡ ኣብ ቅድሚ ወድኺ ወትሩ ኣማልድልና ክንብላ ንደፍር።

## ሰላም ወሰናይ፡

ብሰም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን፣
ኣምልኾ ስግደትን ንሓደን ሱሉስን፣
ንኪዳነ ምሕረት ከነመስግንን ክንውድስን፣

ኣቦና ኣዳም እንክስጎግ ካብ ገነት፣
ንሳ ኢያ ነይራ ተስፋ ናይ ድሕነት፣
ጥዑም ድሃያ መበሰሪት ናጽነት፣

ኪዳነ ምሕረት ዋሕስ ዓለማ፣
ጽላላ ዘርጊሓ ኢያ ኣብዛ ከተማ፣
መስረት ድሕነትœያ ንዑ ንሳለማ፣
ምሕረት ከተውርደልና ከምቀደማ፣

በዚ ጊዜ ንሳኻ በዚ ጊዜ ጾም፣
ንማርያም ምስ ወዳ ንሃውጾም፣
ናባና ክምልስዎ እቲ ብሩክ ገጾም፣
ከስምዑና ናይ ምሕረት ድምጾም።

ኣዳም ሔዋንን ነበሮም ሓለፋ፣
ዓለም ኣውደቐቶም ጠሊፉ፣
ማርያም ኮነቶም ደኣ ተስፋ፣

ንኣብ መርዓቱ ንወልድ ወለዲቱ፣
ንመንፈስ ቅዱስ ጽርሃ ቤቱ፣
ንሓጢኣተይና ተስፋ ድሕነቱ፣

ንኣብርሃም መሰረት እምነት ያቄም ዝወለዳ ካብ ሃና ሰበይቱ፣
ንዮሴፍ ኮነት እምንቲ ሕጽይቱ ንገብርኤል ተቐባሊት መልእኽቲ፣
ንሉቃስ ወንጌላዊ ቃለ ሰብከቱ ንምድሪ ምስ ሰማይ ግራዊቱ።

እዋን ምስ መሲ ጸልማት ድቕቕ፣
ኣእምሮ ደቂ ሰባት እንከብል ጭንቕ፣
ልዑል ኣምላኽ ጸሓይ ይብርቕ፣
ንማርያም ይሰድድ ናይ ድሕነት መልሕቕ፣

ንሕና ደቂ ሰባት በሃልቲ ጥራይ ንዓና፣
ንዓለም ንምንጭታ ብስንና፣
ብዘይካ ንወስኽ ዘይንብል ይኣኽለና፣
ጥራይና ንኸይድ ንማልእ ዘይ ብልና።

ንተሓቛቐፍ ድኣ ኣይ ንጻላእ ሕውነት
ፍቕሪ ነንግስ መሓዛኣ ንእምነት
ተስፍ ከኣ ኣላ ተብጽሕ ኣብ ድሕነት

ኣብዚœኤንዩ ዝርከብ እቲ ሓቅነት

ጥልመት ግን መበኣሲትœያ ኣዕሩኽ መሓዙ
ተንኮል ዝመልአት ምስ መርዙ
ኣዘንጊዓ ትነክሲስ ኣመናœያ ተቖንዙ

ንመለስ በሉ ናብ ማርያም ድንግል፣
መሳገሪትœያ ጽንዕቲ ድልድል፣
መደየቢትœያ ቅንዕቲ መሳልል
ንሳ ዘይትፈትሖ የሎን ዝኾነ ግድል
ንዑ ንጠቀመሉ ነዚ ዓብይ ዕድል።

ማርያም እወ እዛ ጽላል ሃገርና፣
ዘይትርታዕ እምንቲ ጠበቓና፣
መዕቆቢት ዘኻትም መሕደሪት መንገደይና፣
ወትሩ ወሓዚት ፈለገ ሰላም ኪዳነ-ምሕረትና፣
ንዘለዓለም ዓለም ቊሚ ኣብ ማእከልና፣

ኪዳንœዩ ቃላ እዛ ማርያም እዚኣ፣
መዘና የቢሉን መዝገብ ንጽሕናኣ፣
ናብ ወዳ ከተብጽሕና ንሕለፍ ብኣኣ
ንዘለዓለም ዓለም ክንሕጎስ ምስኣ



ካልእ ዝብል የቢለይን ብዘይካœዚኣ
ብጽሞና ዝሰማዕኩምን የቐርብ ምስጋናይ
ኣውደኣመትና ትባርኽ ማርያም ምስ ኣደናይ
ንቤትና ንመለስ ጽቡቕ ብምትምናይ
ንዓመታ እዛ እዋን ኣብዚኣ ንምግናይ
ርሑስ ኣውደኣመት ሰላም ወሰናይ።

ብወልዱ ኣድሓኖም

**ድሒሩ ዝመጸና**

## ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ እስጢፋኖስ ደቀምሓረ ደምበዛን

ሰንበት 24 ታሕሳስ 2017 ዓመታዊ ክብሪ ቅዱስ እስጢፋኖስ ብዓቢይ ክብሪ ተባዒሉ። እዚ ከኣ ብዋዜማን ማኅሌትን መስዋዕተ ቅዳሴን ዝተሰነየ ደሙቕ በዓል ሓሊፉ። ነቲ ከኣ ካብ ዓዲ ተከሌዛን ዝመጹ ደናግል ምስ ተመሃርተንን መንእሰያት ቊምስናን ምእመናንን ነቲ በዓል ድምቀት ወሲኾምሉ። ድሕሪ ዑደት ቃል ኣምላኽ ብተኣማንነት እምነትካ ምምስክር ከም ዝግባእን መንነትን ሰማዕትነትን ቅዱስ እስጢፋኖስ ድሕሪ ገሊጾም ከምቲ ቅዱስ እስጢፋኖስ ምእንቲ እቶም ቀተልቱ ዝጸለየ ንሕንና እውን ምእንቲ እቶም ዝጸርፉናን ጸላእትናን ክንጽሊ ይግበኣና። ከመይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ሎሚ ዝብለና ዘሎ ብጽድቅን ርትዕን ደው ክንብል ኢዩ ዘዘኻኽረና።

ከመይሲ ኩሉ ድልየትን ሃረርታን ናይ ቅድስና ኣብ ርትዕን ሓቀነትን ኢዩ ዝርከብ። ከምቲ መሬት ብዘይ ዝናብ ፍሬ ዘይትህብ ከምኡ ከኣ ቅድስና ነፍስና ብዘይ እግዚኣብሔር ኣይትርከብን። ስለዚ ፍትሕን ርትዕን ንግበር። ጸሎት ነዚውትር ፍቕር ሰላምን የውርደልና። ብሩኽ ኣውደኣመት ይግበረልና ብምባል ቃል ኣምላኽ ዛዚሞም። ብድሕሪ እዚ ሕጻናት ነዳያን (መዕበያ ዘኻትም ደቀምሓረ ደምዛን) ሓደ ቤተክርስቲያን ዘይመላለስ ከመይ ጌርካ ናብ ሕይወቱ



# ዜናን ንጥፈታትን ርእሰ ኤጳርቅና

ትመልሶ እተርኢ ተዋስኦን ግጥሚን መዛሙርን ኣቕሪቦም። ነቲ በዓል ድምቀት ወሲኾምሉ። ድሕሪ መኸፈልቲ እቲ ኣውደኣመት ብጸሎት ምስጋና ተዛዚሙ።

## 1ይ- ር/ ኤጳርቅናዊ ምርኢት መጻሕፍቲ ተኻይዱ

ቤት ምኽሪ ካቶሊካዉያን ምእመናን ርእሰ ኤጳርቅና ኣስመራ **መንፈሳዊ መጻሕፍቲ ብሉጽ መሳርሒ ስብከተ ወንጌል**፡ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ምርኢት መጻሕፍቲ ኣቕሪቡ። መንፈሳዊ መጻሕፍቲ ሓደ ካብ ቀንዲ መጋበሪ ስብከተ ወንጌል፥ ሓጋዚ ንመንፈሳዊ ዕቤትና ሓጋዚ ንስፍሓት ኣፍልጦና ብዛዕባ ትምህርቲ ቤተክርስትያን፡ ሓጋዚ ንሰብኣዊ ንቕሓትና ምኳኑ ኩልና ንሰማምዓሉ ሓቂ እዩ፡ እዚ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ኮነ ኣብ ካልእ ኣበው ዘምሃሩና ሓቂ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ ነቲ ዝጸሓፍኩዎ እንተደኣ ኣንቢብኩምዎ ብዛዕባ ምስጢር ክርስቶስ ዘሎኒ ፍልጠት ከተስተውዕልዎ ትኽእሉ ኢኹም፡ ይብለና።

እቲ ምርኢት ብሓሙስ 01/02/2018 ሰዓት 4፡00 ድ.ቀ. ብብፁዕ ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ሊቀጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ ብወግዒ ኣብ ኪዳነ ምሕረት (ኣዳራሽ ብፁዕ ገብረሚካኤል) ኸፊተምዎ።
ኣብቲ መኽፈቲ መደብ ዕድመ ዝተገብረሎም ኣሕሉቕ መሕበራትን ቆሞሳት፡ ተቛማት (ከሳቴ ብርሃን ካቶሊካዊ ተቋመ ፍልስፍና ወትምህርተ መለኮት ኣስመራ Catholic Theological institue)፡ Major and Minor seminary, Institute of Religious Studies፡ ደረስትን ተርጎምትን መንፈሳዊ መጻሕፍቲ፡ ካልኦትን ዕድመ ዝተገብረሎም ግዱሳት ዉልቀ ሰባት ብድምር 40 ዝኾኑ ተሳቲፎም። እቲ ምርኢት ካብ ዕለት 2-5/02/2018 ኣብ ኣዳራሽ ብፁዕ ገብረሚካኤል ንምእመናን ክፉት ኮይኑ ቀንዩ። መጻሕፍቶም ንምርኢትን ንመሸጣን ሒዞም ዝተሳተፉ ከኣ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ፡ ገዳማት- ማኅበር ሲታውያን (ካህናት)፡ ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ፡ ካህናት ኮምቦኒ፡ ማኅበር ደቂ ንጽሕቲ ድንግል ማርያም- ፓቮኒ፡ ደናግል ደቂ ፍቕሪ፡ ደናግል ቅድስት ሓና፡ Catholic Theological Institute (ካቶሊካዊ ቲዮሎጂካል ኢንስቲትዩት)፡ ኣሓት ተረዳእያት (Friendship stationary)፡ ካቶሊካዊ ምንቅስቓስ ዉህበታዊ ተሓድሶን፡ ቊምስና ደብረ በኣታን እዮም። ብዉልቂ ከኣ ኣባ ብርሃነ መስቀል ማቴዎስ ካህን ማኅበር ንኡሳን ኣሕዋት ካፑቺኒ መጻፍቶም ሒዞም ተሳቲፎም።

- ንምርኢትን ንመሸጣን ዝቐረቡ ዓይነት መጻሕፍቲ =280። ብዕድመ ኪረአ እንከሎ ካብ 1922 ኣትሒዙ ክሳብ ዘለናዮ ዓመት ዝተጻሕፉ እዮም።
- ብዝሒ ተዓዘብቲ/ገዛእቲ = 654 ምእመናን
- ዝተሸጠ መጻሕፍቲ =1072
- Brochure፡ መቁጸረያ፡ ዲቪዲ (DVD)፡ በራሪ

ጹሑፋት፡ ፖስተራት እዉን ተሸይጡን ተዘርጊሑን።
ኣብ ወግዓዊ መዕጸዊ ናይœቲ መደብ እዉን ብኣባ ግርማይ ኣብርሃ መጻሕፍቲ ብሉጽ መጋበሪ ስብከተ ወንጌል፡ ዝተቐረበ ክልተ ምዕራፋት፦ ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ሓፈሻዊ መግለጺ ብዛዕባ ጽሑፍን ሃይማኖትን ታሪኻዊ ኣመዓባብላኡን፡ ኣብ ክርስትና ብሓፈሻ፡ ስዒቡ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ከኣ ብፍላይ ኣብ ሃገርና ብዝርዝር ኣቕሪቦም። ኣብቲ ካልኣይ ምዕራፍ ናይ ደረስትን ድርሰትን ጸገማት እዉን ምስ መፍትሒ ሓሳባት ኣቕሪቦም።

ኣባ ግርማይ ኣብ ጽሑፎም፦
1. ጸገማት ደረስቲ፡ ማሕተምን ምዝርጋሕ ጽሑፋትን
2. ጸገማት ኣንበብቲ፡ ናይ ንባብ ባህሊ ዘይምህላዉ፡ ዋሕዲ ንቅሓት፡ ዋሕዲ ገንዘብን፡
3. ዲያሎግ (ዘተ) ኣብ መንጎ ደራስን ኣንባብን ዘይምህላዉ።

ኣባ ግርማይ ኣብ ምዝዛም ጽሑፎም ከም መፍትሒ ሓሳባት ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣቕሪቦም፦

- ደራሲ ትርግታን ስምዒትን ናይ ኣንበብቲ ኪትርጉምን ንግዳም ከውጽእን ክኽእል
- ኣሕተምቲ ኪምዕብሉ
- ኣኅተምቲ ትካላት እነቐሎሉ ምሕሳብ
- ኣንበብቲ ዓሚቐኑን ረቂቕን (Critical reading) ዓይነት ንባብ ኪለምዱ
- ኣብ መንጎ ደረስትን ኣንበብትን ናይ ዘተ መድረኽ ኪፍጠር ጸዊዖም።

ኣብ መደምደምታ፡ ብፁዕ ሊቀ ጳጳስ እዚ ዕዉት ዝኾነ ተበግሶ እዩ።፡ ብምባል ድሕሪ ምሙጓሶም ብወገኖምœዉን ካብቲ ዘስተብሃልዎ ጸገማት መንፈሳዊ መጻሕፍቲ ሃገርና ናይ ኣረምቲ ጸገም ኣሎና ኢሎም። ጸገማት እኳ እንተሎና ንዝመጻእ ዓመታት ብዝበለጸ፡ ምቅርራባትን ዝበዘሐ ተሳትፎ ገዳማትን ምእመናንን ንኪህልዎ ኣበርቲዕና ኪትሰርሕ ከም ዝግበኣና ንኩልና ተሳተፍቲ ሓላፍነት ኣሰኪሞም።
ደጊሞም ነቶም ነዚ መደብœዚ ክዉን ዝገበሩ ኣባላት ቤት ምኽሪ ርእሰ ኤጳርቅናን፡ ማእከል ካቶሊካውያን ምእመናንን እንቋዕ መኀሰኩም ብምባል ብኣባታዊ ቡራኬን ጸሎትን፡ ነቲ መደብ ዓጽዮም።

## ዓመታዊ ክብረ በዓል ኪዳነ ምሕረት ደቂ ገብሩ

ብ24 ጥሪ 2018 ዓመታዊ ክብረ በዓል ኪዳነ ምሕረት ደቂ ገብሩ ብዓቢይ ክብሪ ተባዒሉ። በቲ ሰዓት 5፣00 ድ.ቀ ዝጀመረ ዋዜማን ሥርዓተ ማኅሌት ዘሌሊትን መስዋዕተ ቅዳሴን ዝተሰነየ ኾይኑ በዓል ማዕሪጉ ውዒሉ። ካብ ዓዲ ተከሌዛን ብዝመጹ ደናግል ምስ ተመሃርትን ንምእመናንን ዝያዳ ደሚቁ ነይሩ። ድሕሪ መስዋዕተ ቅዳሴ ዑደት ኮይኑ ድሕሪ ዑደት ክቡር ኣባ ሰሎሞን መሓረና ቃል ኣምላኽ ኣስሚዖም። ኣባ ሰሎሙን፣ ሎሚ እነብዕሎ ዘሎና ናይ ኣደና ኪዳነ ምሕረት በዓል ከምኡœውን እቲ ኣብዚ ግዚያት እዚ ነብዕሎ ዝቀነናን ልደተ-ጥምቀት ምድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንዓለም ናይ ዝተገልጸሉ ኢዩ። ምስ በሉ ቀጺሎም፣ መድኀኔ ዓለም ካብ ድንግል ማርያም ምስ ተወልደ ንዓለም ተገልጸ ተረኣየ (ኣስተርኣየ ገሃደ) ብግህዶ ተረኣየ። ኣቦና ኣደምን ሔዋን ምስ ተጋገዩ ካብ ገነት ተሰጐጐም። ኣደና ማርያም ከኣ ተስፋ ድሕነት ኮነቶም። እንቲ ውእቱ ተስፋሁ ለኣዳም እመ ይሰደድ እምገነት። እግዚኣብሔር ንኣዳም ካብ ጓል ጓልካ ተወሊደ ክብጀወካ ኢየ ኢልዎ ነበረ። ጊዜኡ ምስ በጽሐ ከኣ ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ኣትዩ ካብ ድንግል ተወሊዱ ተበጀዎ። ተፈጸመ ተስፋ ኣበው በማርያም ድንግል ወበቀራንዮ ተተክለ መድኀኒት መስቀል፡ ተስፋ ናይ ኣበው ብማርያም ድንግል ኣብ መስቀል ቀራንዮ ተፈጸሙ። ኣደና ማርያም ኢየሱስ ኣብ መስቀል ተሰቂሉ ምስ ሞተ፣ ናብቲ መቃብሩ ከይዳ ምእንታና ንሕና ንኸይንጠፍእ ለመነቶ ሕራይ ከኣ በላ። በል ንኸይጠፍኡ ኪዳን እተወለይ በለቶ ኪዳን ከኣ ኣተወላ። ናይ ምሕረት እኖ ኮነት፣ በዚ ከኣ ኪዳነ ምሕረት ተሰምየት።

እኖና እግዚእትነ ማርያም ኣብቲ ዝሓለፈ እዋን ናጽነትናœውን ነቲ ጸልማት ዝነበረ ብዘይ ሓደ ጸገም ብዘይውግእ ኣብ 24 ግንቦት (ኪዳነ ምሕረት መዓልቲ) ዝቐንጠጠትልና ሕጂœውን ንኹሉ ጸገምናን ሽግርናን ከም እተርህወልና ንኣምን ኢና። ንወዳ ክትልምነልናን ምሕረት